## ትፈልጥዎዶ!

# ትርጉምን ምስጢርን ባንክን ባጤራን (ገንዘብ)

*ኣብ ዝኾነ ይኹን ኵርናዕ ዓለም ዝፍጠር ውግእ ይኹን ግርጭት: ቀንዲ ጠንቁን: ብስዉር ዋናታቱ ኮይኖም ዝዝውሩዎን: ወነንቲ ባንክን ባጤራን ርእሰማላውያን'ዮም።*

## ፍሉይ ሕታም

<u>ባጤራ (ገንዘብ):</u> ትርጉሙ ካብ ወረቐት: ካብ ወርቂ: ካብ ብሩር ወይ ካብ ንሓስ ወዘተ..ዝተሰርሐ ብኢድ ዝጭበጥ: ኣብ ዕዳጋ ደቂ-ሰባት ንመለዋወጢ ኣቕሓ ንኽጥቀምሉ ተባሂሉ ዝተማህዘ መሳለጢ እዩ። ኣብ መዋእል ፍልመ ደስነት ይኹን ብድሕሪኡ: ደቂ-ሰባት ገና ዘይማዕበሉን ዘይጐርሑን ስለዝነበሩ: ባጤራ/ገንዘብ ገና ኣይመሃዙን ነበሩ። ኣብ ዕዳጋ እናኸዱ ግን ዘድልዮም ሃላኺ ነገር ብለውጢ ይዕድጉዎ ነበሩ። ንኣብነት ጥሪት ዘለዎ ሰብ እኽሊ ኣንተድኣ ክዕድግ ደልዩ: ሓንቲ ላም: ሓንቲ በጊዕ ወይ ሓንቲ ጤል ብዙንታል እኽሊ: ወይ ብዥ ንታል ጨው ወይ ሽኮር ወይ ክዳነውቲ ወይ መሳርያታት ወዘተ..ለዊጡ ይገዝእ ነይሩ። እቶም ጥሪት ዘይብሎም ድኻታት ድማ: ጉልበቶም ኣካርዮም ወይ ሸቂሎም: ማለት ኑዲቖም ድዮም ሓሪሶም ወይ ዘቢሮም: ዋጋ ርሃጾም ብእኽሊ ወይ ብጥሪት ወይ ብክዳን ወዘተ…ተለዋዊጦም ይሸምቱ ነይሮም።

<u>ባንክን ትርጉሙን:</u> ባንክ ማለት ብቋንቋ ጣልያን ካብ "ባንኮ" ዝብል ቃል ዝመጸ'ዩ። ካብ 18 ክፍለ-ዘመን ቅ.ል.ክ. ወይ ብ*1000* ቅ.ል.ክ. ኣብ መዋእል ንጉስ ሃሙራቢ ኣቢሉ ይኸውን: ደቂ ሰባት ብሓረጣ ርእሰማል ከምዝድለብ ክፈልጡ ስለዝጀመሩ: ሃብቶም ንኽኻዕብቱ ሓደ ረቂቕ ሜላ ብምምሃዝ ባጤራ/ገንዘብ ክፈጥሩ ክኢሎም። ካብኡ ኣትሒዞም ኣብ ክንዲ ብላም ወይ ብብዕራይ ምልዋጥ: ከም ሓባራዊ መቀያየሪ መሳለጢ ኮይኑ ንኸገልግሎም ሓደ ባጤራ/ገንዘብ ተሰማሚዖም። እቲ ተጠቃሚ ህዝቢ ድማ ንኽትስከሞ ቀሊል ንኹሉ ኣገባቡ ድማ ምቹእ ኮይኑ ስለዝረኸቦ: ሓንጐፉ ኢሎ ተቐቢሉዎ። ብኸም'ዚ ድማ ደቂ-ሰባት ንብረቶም ሂቦም: ገንዘብ እንዳተቐበሉ በቲ ገንዘብ ተጠቂሞም ከኣ: ቃሕ ዝበሎም ሃላኺን ተንቀሳቓስን ንብረት ክዕድጉ ይኽእሉ።

ዝኾነ ኮይኑ ጥቕሚ ገንዘብ ብግርህነት ክትርእዮ ከሎኻ ኣዝዩ ኣገድሲ ዝኾነ መሳለጢ ዕዳጋ'ዩ። ይኹን ኣምበር እቶም ጐራሓት ክኢላታት ርእሰማላውያን: ምስጢርን ትርጉምን ባጤራ/ገንዘብ: ኣቓዲሞም ብረቂቕ ኑቲ ጥቕሙ ስለዘለለዩዎ: ባጤራ/ገንዘብ ኩሉ-ሰብ ብማዕረ ብነጻን ክግልገለሉ ኣይደለዩን። ብኣንጻሩ ግን ባዕሎም ወነንቲ ሊቸንሳ ገንዘብ ክኾኑ መሪጾም። <u>ቤት ጽሕፈት ሓረጣ</u> ብውሕሉል ኣዘራርባ <u>ባንክ</u> (ባንኮ) ምሂዞም። ኑቲ ምስጢር ባንክ ድማ ተቓዳዲሞም ባዕሎም ጥራይ ዝውንንዎ ረቂቕ ምስጢር ሓንጺጾምምሉ። ብኸም'ዚ ድማ ባንክ ከፊቶም ባዕሎም ጥራይ ዝውንንዎ ባጤራ/ገንዘብ ሓቲሞም: ብሓረጣ መልክዕ ንሓፋሽን: ንኣብያተ ንግድን: ንመንግስታትን ክዝርግሑዎ መዲቦም። ካብኡ ጀሚሩ'ምብኣር ክሳብ ሎሚ: ምስጢር ባጤራ/ገንዘብን ባንክን ኣዝዩ ዝተዓቀበ ኮይኑ ይርከብ። ወነንትን ሓተምትን ገንዘብ ድማ ገበርትን ሓደግትን ኮይኖም: ንምልእቲ ዓለም ክሳብ ሎሚ ይቈጻጸሩዋ ኣለው። ስለ'ዚ ድማ እቲ ገርሃዊ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ገንዘብ መልክዑ ቀይሩ: ወዲ-ሰብ ንገንዘብ ልዕሊ ኣምላኽ ንኽኣምን ተገዲዱ ይርከብ። ቀንዲ ረቀቕትን ወሰንትን ባንክ ዝኾና ለቓሕን (*Debt*) ዕዳን: (*Credit*)ን ዝብሃላ ቃላት ከኣ ምሂዞም። እቲ ኣውራ ዕዮ ባንክ ድማ: ካብ ባዶ ጥርሑ መኻዚኖ ሓረጣ ወይ ባንክ ከፊቶም: ገንዘብኩም ብወለድ ክኽዕብተልኩም: ኣብ ባንክ ኣቐምጡዎ" ዝብል ውሕሉል ስነ-ኣእምራዊ መግለጽን ኣዋጅን ይዝርግሑሞ: እቲ ሓፋሽ ድማ ብዙሕ ገንዘብ ዝረክብ መሲሉዎ: ዘለዎ ገንዘቡ ኣኻኺቡ ኣብ ባንክ ክዕቈረሉ የረክቦም። ንሳቶም ድማ በዚ ስልቲ'ዚ ዋጋ ዘይከፈልሉ ገንዘብ ይኾምሩ።

ብዓይኒ ሓቂ ግን ገንዘብካ ነቐምጠልካ ኣሎና ይብሉዎ'ምበር: ካብቲ ገንዘቡ ትኳቦ ወለድ ጥራይ እዮም ዝተኾብሉ። እቶም ወነንቲ ባንኪ ግን: ኑቲ ካብ ሓፋሽ ዝኣከቡዎ ገንዘብ: ብ10 ዕጽፊ ሓረጣ ኣኽፊሎም: መሊሶም ንሓፋሽን ንኣብያተ ንግድን ንመንግስታት ብዓጸፋ የለቅሑዎም። ብኻልእ ኣዘራርባ ኑቲ ብነጻ ዛከቡዎ ገንዘብ ይሸጥዎ ማለት'ዩ። ካብኡ ኣብያተ ንግዲታት: ብሓረጣ ገንዘብ ካብ ባንክ ምስ ረኸባ ሰራሕተኛታት ይቖዓስባ። ብተወሳኺ ለቃሕ (*Credit*) ድማ ፋብሪካታተን የስፋሕፍሓን: ሓደስትን ቅልጡፋትን ማሺናት ከኣ ይውስኻ። ከምኡ'ውን ሓዲሽ ብሓረጣ ዝወሰድኦ ገንዘብ ገይረን: ርእሰማል *(Investment)* ብምውፋር መሳሪሒኤን ብሓደሽቲ ተክኖሎጂ ይትክእኦን የማሓይሽኦን። እትዋተን ከኣ የኻዕብታ።

ፋብሪካታት ድማ በዚ ብሓረጣ ዝተረኸበ ብዙሕ ባጤራ/ገንዘብ በብዓይነቱ ዝምስጥ ኣቑሑት ኣብ ዕዳጋ ይቕርባ። ሰራሕተኛታት ድማ መሃያ ስለዝቕበሉ: ጽጋብ ይስምዖም። ናብርኦም ንምምሕያሽ ካብ ባንክ ሓረጣ ተዓድዮም: ተክኖሎጂ ዘምጽኦ ሓሓዲሽ ንብረት: ከም ገዛን መኪናን ካልእ በብዓይነቱ ዝምስጥን ሃላኺ ኣቑሑትን ክቡር ንብረትን ወዘተ.. ይዕድጉ። መንግስታት ድማ ካብ ቀረጽ ዝረኸቡዎ ገንዘብ ስለዘይኣኽሎም: ካብ ባንክ ለቓሕ (ሓረጣ) ወሲኾም ትሕተ-ቅርጻ ሃገር የማዕብሉ። ኣብያተ ትምህርታት ጽርግያታት ሓጽብታት ሆስፒታላት ወዘተ....የማዕብሉ። እቶም ወነንቲ ባንክን ገንዘብን ግን: ኑቲ ምዕባሌ እንዳተኻታተሉ ብኸመይ ገይሮም ገንዘቦም ብተወሳኺ ወለድ ከምዘኻዕብቱ ሓደሽትን ረቀቕትን መደባት የውጽኡ። ብኸም'ዚ ከኣ ቍጠባ ንሰማይ ተወንጪፉ *(economic boom)* ይብሃል። ሸው: ኑቲ መስርሕ ቍጠባ ክውንጨፍ ከሎ ብረቂቕ ስለዝመዘንዎ: ብኸመይ ተወሳኺ መኽሰብ ከምዘኻዕብቱ ይሓስቡሞ: ብህጹጽ

ንሓፋሽን ንኣብያተ ንግድን ንመንግስታትን ዝያዳ ወለድ (ሓረጣ) ክውስኹዎም ይጓየዩ። ካብኡ ነጋዶን ሓፋሽን ዕድኦም ገና ከይከፈሉ ከለው፡ ተወሳኺ ወለድ ብሃንደበት ካብ ኣካረይቲ ግንዘብ (ባንክ) ይመጾም። ሳዕቤኑ ድማ ሸው ንሸው ይጅምር። ማለት ውሃብ ስራሕ ወለድ ስለዝበዝሖ ሰራሕተኛታት ክሰጕጕ ይጅምር። *(Investment)* ርእሰማል ምውፋርን ሓደሽቲ ተክኖሎጂን ምስራሕን ከኣ ጠጠው ክብል ይጅምር።

እቶም ሓፋሽ ሰራሕተኛታት ሰብ ዕዳ ድማ ካብ ስራሕ-ኣልቦ ስለዝኾኑ፡ ነቲ ማእለያ ዘይብሉ ብሓረጣ ዓዲጎሞ ዝጸንሑ ንብረት፡ መኽፈሊ ገንዘብ ይስእኑ'ሞ ኣብ መወዳእታ ይደኽዩ (*bancrabcy*) ይኣትው። ንባንክ ኣቐዲሞም ብውዕል ፈሪሞምላ ስለዝኾኑ፡ በቲ ዝተወዓዓለቶም ውዕል መሰረት፡ ኩሉ ንብረቶም ገፋፊጣ ትወርሶ'ሞ ሓሪጃ ድማ ትግብቶ። በዚ ሜላ'ዚ ድማ ገንዘባ ተኻዕብት። መንግስቲ እንተኾነ'ውን ነቲ ካብ ባንክ ዝተሓርጠ ገንዘብ፡ በቲ ካብ ሓፋሽ ዝተዋህለለ ቀረጽ ገይሩ ንባንክ ዕድኡ ክኸፍላ ከሎ፡ ብዘይ ወለድ ብጥሪኡ ይህባ። ኣስተውዕል ካብ ባንክ ገንዘብ ክሕረጥ ከሎ ግን ወለድ ይኸፍል ጸኒሑ። ነቲ ካብ ቀረጽ ዝረኸቦ ገንዘብ ንባንክ ክኸፍል ከሎ ግን ሓረጣ ኣይሓትትን። ስለምንታይ? መኽንያቱ እቲ ናይ ሓረጣ ልቓንሳ ንባንክ ጥራይ እዩ ተወኒኑ ማለት'ዩ። እቲ ስልጣን ባንክ'ምብኣር ልዕሊ መንግስቲ ከምዝኾነ በዚ ይፍለጥ።

ነዚ ሽጣር'ዚ'ምብኣር እቲ ሓፋሽ ዘይገጠሞ ብገርሁ ክሽውን ይኽእል'ዩ። እቶም መራሕቲ ሃገር ዝብሃሉን፡ ክኢላታት-ቍጠባን ሓለፍቲ-ባንክታትን (ማናጀራት) ግን ስለምንታይ ዓይኖም ሸፊኖም ንመዋእል ተጸሚሞም ይጕዕዙ ኣለው ኣዝዩ ዘገርም'ዩ። ኣፎም መታን ክሕዙ ማእለያ ዘይብሉ ሚልዮናት ዶላር ብዋናታት ባንክ ስለዝኽፈሉ እዩ። እቶም ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ድማ ብስዉር ዘይተኣደነ ምዕበስ-ኣፍ ጕቦ ስለዝውሃቦም እዮም፡ ነቲ ምስጢር ባንክ ከይቅላዕ ዓቢጦሞ ዝሽዱ። "ከም'ዚልካ ክሳብ ምዓስ'ዩ ምስጢር ባንክ ክቕላዕ ኣለዎ" ኢሎም ንለውጢ ዝቃለሱ መራሕቲ ምስ ልዓሉ ድማ ኣብኣ ይረኽቡዋ። እዚ'ዩ እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ምስጢር!

እቶም ቀንዲ ጠንቂ ዓለም-ለኻዊ ቍጠባዊ ቅልውላው'ምብኣር፡ ወነንቲ ባንክታትን ባጤራን'ዮም። ንሳቶም ከኣ ነዚ መስርሕ'ዚ ብጕርሕን ብረቂቕ ሜላን ስለዝከታተልዎ፡ ከም ድላዮም በቲ ንዕኦም ተዓጻጻፊ መኽሰብ ዘምጽኣሎም ኣገባብ ከኣ፡ እንደገና ንኣብያተ ንግድን ፋብሪካታትን፡ ለቓ ክትወስዱ ፈቒድናልኩም ኣሎና ይብሉዎም። ሓዲሽ ሓረጣ ሂቦም ድማ እንደገና ይሓርጥዎም።

<u>ኣስተብህል</u>፡ ኣብ'ዚ'ምብኣር ባንክ ክልተ ዕጽፊ መኽሰብ ክትገብር ከላ። ብኣንጻሩ ግን ሓፋሽን ኣብያተ ንግድታትን መንግስታትን፡ ብሰንኪ ባንኪ እትህቦም ሓረጣ፡ ክልተ ዕጽፊ ይኽስሩ ኣለው።

<u>ቀዳማይ:</u> ባንክ ሓረጣ ሓፋሽን ኣብያተ ንግድታትን መንግስታትን ብምሃብ፡ ካብ ሓረጣ ዝረኸበቶ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ብጥርሑ ተኻዕብት።

<u>ካልኣይ:</u> እቶም ኣብያተ ንግድን፡ ግላውያን ርሂጸ በላዕን፡ ካብ ባንኪ ተሓሪጦም ዘጥረዩዎ ንብረት፡ ዕድኦም ምኽፋል ምስ ስኣኑ፡ ባንክ ከይሓፈረት ነቲ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ትግብቶ። ብትእዛዝ ቤት-ፍርዲ ድማ፡ ብጨረታን ብሕረጃን ሽኾሚታ ማእለያ ዘይብሉ ርእሰማል ትግሕጥ። ብኣንጻሩ ድማ ብሰንኪ'ዚ ባንኪ ዝፈጠሮ ረቂቕ ውዲታዊ ሽጣራ፡ ኣብቲ ሃገርን መንግስትን ቍጠባዊ ቅልውላው ይኣቱ። ህዝቢ ይደክን መነባብሮኡ ይዘናበልን። እቶም ብሚልዮናት ደሞዝ ዝተዓስቡ ባንክ ማናጀራት ባንክ ድማ፡ ነቲ ረቂቕ ሜላ ስውራት ጐይቶቶም ገጢሞሞ ከለው፡ ከም ባህርያዊ ተፈጥሮ ዘምጽኦ መስርሕ ኣምሲሎም፡ ንህዝቢ ንምድንጋር ንምህዳእን፡ በቶም ባዕሎም ዝፈጠሩዎም ሓደሽቲ ሰዋስዋዊ መግለጺ ቃላት መሪጾም፡ ንቍጠባ በብደረጃ ኣንዳከፋፈሉ ክገልጹዎ ይፍትኑ። ንኣብነት <u>ምድስካል ቍጠባ (</u>*recession*) <u>ቍጠባዊ-ዝሕተላ</u> *(<u>economic</u> <u>stagnation</u>)* <u>ቍጠባዊ ድዋዕዋዕ</u> (*economic crash*) <u>ዘይድንፍዕ-ዝቕባበ</u> (*Stagflation*) <u>ጽንኩር ቍጠባዊ ህሞት</u> (*economic crises*) ወዘተ.... እንዳበሉ፡ ህዝቢ ዓለም ነቲ ንሶም ዘውረድሉ ድኽነት፡ ብባህርያዊ ቍጠባዊ ቅልውላው ከምዝመጸ ገይሮም ከእምንዎ ህርድግ ይብሉ። ብኸም'ዚ ድማ ነቶም <u>ስውራት ጐርሓት ሰብ-ልቓንሳ ዋንነት ገንዘብ</u> ዝኾኑ፡ ርእሰማላውያን ጐይቶቶም፡ ድፋዕ ኮይኖም ይከላኸልሎም።

ስለ'ዚ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ድኽነትን ቅልውላውን ህዝቢ ዓለም፡ እቶም ስዉራት ጐርሓት ክኢላታት ወነንቲ ባንክን ገንዘብን፡ ብመደብ ዝፈጠሩዎ ረቂቕ ሽጣራ ጥራይ እዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ድማ፡ ህዝቢ ነቲ ኮነይሎም ዝመሃዙሉ ረቂቕ ቍጠባዊ ፖለቲካ ከየቕለበሉን፡ ተመራሚሩ ለውጢ ንኽምጽእ ከይጽርን፡ ኣቐዲሞም ማኣለያ ዘይብሉ ገንዘብ ከፊሎም ዋርድያታት ዓሲቦ ፍሕት ከምዘይብል ይገብሩዎ። ብኸም'ዚ ድማ ህዝቢ ዓለም ዓሕ! ኣናበለ ግዙእ ናይቶም ስዉራት ጐርሓት ክኢላታት ወነንቲ ባንክን ገንዘብን ኰይኑ፡ እቲ ቍጠባዊ ቅልውላው፡ ብባህርያዊ-ሕገ-ቍጠባ ጥራይ ከምዝወረዶ ተቐቢሉ፡ ምስ ዕድሉ እንዳተራገመ ገና ይቕጽል ኣሎ።

ብሰንኪ ባንክ ዝፈጠሮ ጸገም፡ ውሃብ ስራሕ ቀረጽ ንመንግስቲ ክኸፍል ስለዘይክእል፡ ከምኡ'ውን ሓፋሽ ርሂጸ-በላዕ'ውን ደሞዝ ስለዘይብሉ ንመንግስቲ ቀረጽ ክኸፍላ ስለዘይክእል፡ መንግስቲ ከይተረፈ ቍጠባዊ ቅልውላው ይሕዞ። እቶም ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ብእከይ ሽጣራ ተጠቒሞም፡ ንሓፋሽ ድራር-ዕለቱ መንጢሎም ርእሰማሎም ከምዝተዓጻጸፍ ምግባር ጥራይ ዝሕልሞም፡ ጐርሓት ክኢላታት ወነንቲ ባንክ ግን፡ ነቲ ብሰንኮም ዝተፈጥረ ቍጠባዊ ሸታሕታሕ ብረቂቕ ይከታተልዎ'ሞ፡ ልዕሊ መንግስታትን ህዝብታትን

ኮይኖም: ንህዝብን ንውሃብቲ ንግድን ንመንግስትን ማና ከምዘውርዱ ተመሲሎም ከይሓፈሩ: "ሓዲሽ ለቕሓዊ-ወፈያ ክንፈቕደልኩም ንኽእል ኢና": ኢሎም: ንውሃብቲ ስራሕ ንመንግስትን ሓዲሽ ሓረጣ "ክልግሱሎም" ይጅምሩ። ከምኣመሎም ድማ: እቲ መንግስቲ ይዕደ። እቶም ወነንቲ ብለቓሕ ዝቈመ ፋብሪካ ከኣ ይሕረጡ። ብኸም'ዚ ሜላ'ዚ ከኣ ኑቲ መስርሕ ቍጠባ: ክሳብቲ ባዕሎም-ዝፈጥሩዎ ጽንኩር ቍጠባዊ ህሞት እንደገና ዝቕልቀል: ብሓዲሽ ሓረጣዊ ጽገና ኑቲ ቍጠባ ይቀጻጸሩዎ። ሽዑ እቶም ሓደስቲ ወነንቲ ንግድታት: ካብ ባዶ ጀሚሮም ብለቓሕ እንደገና ኣብያተ-ንግድን: ፋብሪካታት ክኸፍቱን: ሰራሕተኛታት ከኣ ክቈጽሩን ይጅምሩ። እቶም ሚልዮናት ድሞዝ ዝወስዱ ማናጀራት-ባንክ ድማ: ኑቲ ረቂቕ ሜላ ገጢሞሞ ከለው: ኣዚ መስርሕ'ዚ (*economic cycle*) "መስርሕ ቍጠባዊ ዕንክሊል'ዩ" እንዳበል: በብዓይነቱ ዝምስጥ ቃላት ንኣብነት ከም ቍጠባዊ-ድንፋዔ (*Economic Boom*) ቍጠባዊ ምምሕያሽ (*<u>Economic</u> <u>Advancement</u>*) ኣኢሎም ኣስማት እንዳኣጠመቑዎ: ከም ኣመሎም ንህዝቢ የድዓዕሱዎ። ብዓይኒ ሓቂ ግን ንዘስተውዕል እዚ ሽጣራ'ዚ: ንጐይቶትም ካብ ባዶ ተበጊሶም: ማእለያ ዘይብሉ ባጤራ/ገንዘብ ንኽድልቡ ዝፈጥሩዎ ረቂቕን ብልሓታዊን ስርቂ'ዩ። እቲ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብረቂቕ እናማዕበለ ዝመጸ ፍሹል ዓለም-ለኻዊ ቍጠባዊ መስርሕ: ብሕጂ'ውን ብሓቂ ንቐጻሊ ረብሓ ህዝቢ ዝውዕል: መሰረታዊ ጽገናን ምምሕያሽን እንተዘይተገይሩሉ: ኣብ መወዳእታ ብዘይካ ንኣዝዮም ውሑዳት'ምበር: ኑቲ ብዙሕ ህዝቢ ዓለም ግን: ኣብ ኣዝዩ መዕገቲ ዘይብሉ ደልሃመት ጸድፊ ጥራይ እዩ ከውድቖ።

<u>ምስጢር ባጤራን ባንክ ኣብ ዓለም</u>

እቲ ኣዝዩ ዝረቐቐን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ: ህዝቢ ዓለም ዘየስተብህለሉ ምስጢር እንተድኣ ሃልዩ: <u>ምስጢር ባንክን ባጤራን</u>'ዩ። <u>ኩለን ሃገራት ዓለም:</u> <u>ብዘይካ ሃገር ኢራቕን ኢራንን: ኣፍጋኒስታን ሰሜን-ኮርያን ሱዳንን ኩባን: ባዕለን ዝሓትማኦን ዝውንንኦን ባጤራ የብለንን</u>። እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ግን ናይ ባዕለን <u>ባንክን ባጤራን</u>'ዩ ዘለወን። ማለት ባዕለን ነጻ ኮይነን ሓቲመን'የን ኑቲ ባጤራ ዝዝርግሕኦ። እተን ዝተረፉ ኩለን ሃገራት ዓለም ግን: ቻይናን ሩስያን ጃፓንን ብዓባያ ኣሜሪካብ ካልኦት ሃገራትን ማለት'ዩ: እቲ ባጤራ በቶም ስውራት ወነንቲ ባጤራ ተሓቲሙ ጥራይ እዩ: ብለቓሕ መልክዕ ዝዕደለን። በዚ ናይ ባንክ ሰበብ ከኣ'የን: እተን ናይ ባዕለን ባጤራ ዝሓትማ ሃገራት: ኵሉ ግዜ መኽንያት እንዳኣምጽኡ ዝጻባኡወን። ንኣብነት ኵነታት ኢራቕን ኣፍጋኒስታንን ንዕዘቦ ኣሎና። ኵነታት ሱዳንን ሰሜን ኮርያን ኢራንን እንተኾነ'ውን: ንማዕከናት ዜና ዓለም ንዝከታተል ሰብ ብቐሊሉ'ዩ ዝርድኦ። ካብ ጥንቲ ጀሚሩ'ውን ወነንቲ ባጤራ: ንዋንነት ገንዘቦም ንዝጻባኡ ሓያሎ መራሕቲ መንግስታትን ነጐውስን: ብስዉር ሜላ ቀንጺሎሞም'ዮም። ንኣብነት ንጉስ ሩስያ ዝነበረ: ኣለክሳንደር 2ይ ገንዘብ ዋንኡ ባዕላ ሃገር ሩስያ እያ ስለዝበለ: ብ*13* መጋቢት *1881* ዓ.ም. ኣብ ከተማ ፕተርስቡርግ (ሩስያ) ተቐንጺሉ'ዩ። እቲ መኽንያት ድማ እቶም ወነንቲ ባጤራ ንገንዘብ ሩስያ ክውንኑዎ ደልዮም ስለ ዝኣበዮም'ዮም ቀንጺሎሞ። (*The sinagogue of Satan p80, by Andrew Carrington Hitchkock* ❷)

ከምኡ'ውን ኑቲ ካብ *1732* ዓ.ም. ጀሚሩ: ክሳብ እዋን ፕረሲደንት ኣብራሃም ሊንኮልን መራሒ ሕቡራት ኣሜሪካ ዝነበረሉ *1865* ዓ.ም. ማለትዩ: ወነንቲ ዶላር-ኣሜሪካ: ዩሁዳውያን ቤተ-ሰብ ሮት-ሺልድን ሮክፌለርን ጥራይ ስለዝነበሩ: ኣብቲ ካብ *1861* ዓ.ም. ክሳብ *1865* ዓ.ም. <u>ብኵናት ደቡብ</u> ዝጽዋዕ መሪር ኵናት ኣሜሪካ ዝነበረሉ እዋን: ፕረሲደንት ኣብራሃም ሊንኮልን "ዶላርና ንዓና ብኣና" ዝብል ጭርሖ ኣዊጁ: ንመጀመርያ ግዜ ድሕሪ ፕረሲደንት ጆርጅ ዋሺንግቶን ስልጣኑ ተጠቒሙሉ'ዩ። ቀጠልያ ዶላር (*greenback US dollar*) ዝጽዋዕ ባጤራ ምሂዙ ድማ *$450.000.000* ገንዘብ ኣሕቲሙ: ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ኣሜሪካ ከኣ: ዘርጊሑን ኣብ ግብሪ ኣውዒሉዎን'ዩ። ኑቶም ኣብ ደቡብ ዝዋግኡ ዝነበሩ ወተሃደራት ድማ መሃይኦም በቲ ወለድን ክራይን ዘይተኸፍሎ ነጻ ቀጠልያ ዶላር ከፌሉዎም። ብ*1865* ዓ.ም. ኣብ ኮንግሮስ ድማ: ከም'ዚ ክብል መደረ ኣስሚዑ። "*I have two great enemies, the Souther Army in front of me, and the financial institutions in the rear. Of the two, the one in my rear is my greatest foe*". "ክልተ ዓበይቲ ጸላእቲ ኣለውኒ። እቲ ኵናት ደቡብ ብቕድመይ: እቶም ቍጠባዊ ትካላት ድማ ብድሕረይ። ካብ'ዞም ክልተ ጸላእቲ ግን እቲ ብድሕረይ ዘሎ'ዩ እቲ ዝዓበየ ጸላኢየይ" ክብል ኣብ ውሽጢ ኮንግረስ መግለጺ ሂቡ። ብድሕሪኡ ንኻልኣይ ግዜ ፕረሲደንት ኮይኑ ምስ ተመርጸ: ብድሕሪ ጽንብል (መመረቕታ) ፕረሲደንትነቱ❸ ብ*14* ሚያዝያ *1865* ዓ.ም.: በቶም ስውራት ወነንቲ ባጤራ ዝተዓስበ: ጆን ዊልከስ ቡዝ ዝተባህለ ሰብ ተቐንጺሉ። እቲ ቀጠልያ ዶላር (*greenback US dollar*) ዝተባህለ ባጤራ ተሪፉ ከኣ: እዚ ሕጂ ዘሎ በቶም ስውራት ዋናታት ባጤራ ዝውነን (US *dollar*) ወግዓዊ ባጢራ ሕቡራት ኣሜሪካ ኮይኑ: ክሳብቲ መበል *35* ፕረሲደንት ሕቡራት ኣሜሪካ ኮይኑ: ብ*1963* ዓ.ም. ዝተመርጸ ፕረሲደንት ጆን ኤፍ ኬነዲ ከገልግል ጸኒሑ።

ፕረሲደንት ጆን ኤፍ ኬነዲ ድማ: ልክዕ ከም'ቲ ሓሳብ ፕረሲደንት ኣብራሃም ሊንኮልን: ባጤራ ኣሜሪካ ካብ ኢድ ዩሁዳውያን ሓራ ኮይኑ ባዕልና እንውንንኖ ቀጠልያ ዶላር (*greenback US dollar*) ክንሓትም ኣሎና ኢሉ ስለዝወሰነ: ብ*22* ሕዳር *1963* ዓ.ም. በቶም ስውራት ወነንቲ ባጤራን ባንክን ዝተላእከ ሰብ: ብLee Harvey Oswald ተቐንጺሉ ተባሂሉ። (*The sinagogue of Satan p168, by Andrew Carrington Hitchkock* ❻ ከምዚሉ ከኣ ባጤራ ኣሜሪካ ብኻልኦት ተወኒኑ: ደረጃ ወይ ዋጋ ወርቂ ሒዙ (*<u>Gold standard</u> - A model of excellence; - A monetary*

*standard under which the basic unit of currency is equal in value to and exchangeable for a specified amount of gold.)* ክሳብ ሎሚ ብጸብለልነት ኣብ ዓለም የገልግል ኣሎ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ'ውን መበል 44 ፕረሲደንት ኣሜሪካ ባራክ ኦባማ: ጭርሖ ፕረሲደንት ኣብራሃም ሊንኮልን: ፕረሲደንት ጆን ኤፍ ኬነድን ሒዙ: ብዕለት 20 ጥሪ 2009 ፕረሲደንት ኣሜሪካ ኮይኑ ተመሪጹ። ኣብ እዋኑ ድማ: ካብቲ ኣብ እዋን ኣብራሃም ሊንኮልን ፕረሲደንት ጆን ኤፍ ኬነድን ዝገድድ ቍጠባዊ ቅልውላው: ኣብ ሕቡራት ኣሜሪካ ወሪዱ። እዚ ሎሚ ኣብ ኣሜሪካን ኣብ ኩለት ሃገራት  ዓለምን ወሪዱ ዘሎ ጸገም'ዚ ድማ: ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ: ባንክታትን ወነንቲ ባጤራን ዝፈጠሩዎ ቅልውላው ጥራይ እዩምበር ባዕሉ ዱብ ኢሉ ካብ ሰማይ ዝመጸ ኣይኮነን። ስለዚ ፕረሲደንት ባራክ ኦባማ: ነዚ ወሪዱ ዘሎ ቍጠባዊ ቅልውላው: ብሓቂ መሰረታዊ ፍታሕ ክገብረሉ ድዩ ወይስ ክጽግኖ'ዩ ክንከታተሎ ኢና። ብጽገና ጥራይ እንተ ቀጺሉ ብህይወቱ ክነብር'ዩ። ከም'ቲ ፕረሲደንት ኣብራሃም ሊንኮልን ፕረሲደንት ጆን ኤፍ ኬነድን: ዝፈተንዎ መሰረታዊ ፍታሕ ባጤራን ባንክን ክገብር ኣንተድኣ ጀሚሩ ግን: እቶም ካብ ጥንቲ ኣንዳተወራረሱ ክሳብ ሕጂ ዘለው: ወነንቲ ልቓንሳ ባንክን ባጤራን ኣየቐንዩዎን'ዮም።

<u>ምስጢር ባጤራን ዓለም-ለኻዊ ባንክን (*World Bankand* ) ኣብ 3ይ ዓለም</u>

እቶም ስዉራት ወነንቲ ባንክን ባጤራን: ብለቓሕን ብሓረጣ ምዝርጋሕን ጥራይ ኣይኮኑን ገንዘቦም ዘኻዕብቱ። ብለቓሕን ብሓረጣን ዝመጽእ ርእሰማል ጥራይ ከይኣኽሎም: ዝያዳ መኽሰብ ዘለዎ ገንዘብ ንምርካብ: እቲ ዝኸፍኤ ክሳራ ዘምጽእ ውግእ: ብረቒቕ ውዲት ከምዝባራዕ ምግባር: ቀንዲ ውራዮም'ዩ። ከምኡ ክገብሩ ከለው ከኣ ንጹር ቍጠባዊ ሸቶ ብምግባር'ዮም። ንኣብነት ትሕተ ቅርጻታትን: ዝተፈላለየ ህንጻታትን ጽርግያታን ብሰንኪ ውግእ ምስ ዓነወ: እንደገና ብሓዲሽ ኣገባብ ንኽህነጽ ገንዘቦም የዋፍሩሞ: ማእለያ ዘይብሉ ባጤራ ከኣ ይግሕጡ። ንኣብነት እቲ ብ*1930* ዓ.ም. ኣብ ጀርመን ብኣዶልፍ ሂትለር ዝምራሕ 2ይ ውግእ ዓለም: ንኽውላዕ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዝዘወሩዎ: ንሶም እቶም ስዉራት ወነንቲ ባንክን ባጤራን ከምዝኾኑ: ዳቪድ ኣይክ ኣብቲ *(The biggest Secret) ዝብል መጽሓፉ ኣብ ገጽ:236 "ናዚ ብዎልስትሪትን ብከተማ ሎንዶንን ተሓጊዞም'ዮም" ይብል። The Nazis were funded from Wall Street and the City of London.)* ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ሃገር ሩስያ: ብለኒን ዝምራሕ ቦልሸቪክስ ፓርቲ ዝተላዕለ ሰውራ-ኮሚንስት: ንንጉሳዊ ዲናስቲ ጻር ገልቢጡ: ብኮሚንስት ዝምራሕ መንግስቲ ክምስረት'ሞ: እቲ ካፒታሊስት ስርዓት መወዳድርቲ ክረክብ ብዝብል ረቂቕ ስልቲ: ኮነ'ሎም ቦልሸቪክስ ፓርቲ ከምዝምስረት ኣዕጢቖም ዘዋፈሩዎ እቶም ወነንቲ ባንክን ባጤራን'ዮም። *(ንመረዳእታ ኣብ ግሎባል ኮንስፒራሲ ብኸመይ ይውድእ ዝብል መጽሓፍ ብዳቪድ ኣይክ ዝተደርሰ ርኤ❹)*።

ድሕሪቲ ብ*1930* ዓ.ም. መሬት ዘቢጡ ዝነበረ ዓለምለኻዊ ቍጠባ: ካብ ፔትሮልዩም ዝውሓዘ ፔትሮ-ዶላር ገንዘብ: ቍጠባዊ-ድንፋዔ (*Economic Boom)* ኣብ ዓለም ኣስዒቡ። ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ድማ ኣብ ባንክታት ተኹሚሩ። ንኣብነት ካብ *1973* ዓ.ም. ክሳብ *1981* ዓ.ም. ጥራይ ካብ ፐትሮ-ዶላር ዝተዋህለለ ዘይንቀሳቐስ ገንዘብ: ዛጊት *$450.000.000* ቢልዮን ዶላር ተዋህሊሉ ነይሩ። እዚ ገንዘብ'ዚ ስቕ ኢሉ ምኹማሩ ግን: ነቶም ወነንቲ ባንክን ባጤራን ድቃስ ከሊኡዎም። ብዙሓት <u>ፈሊጣውያንን ክኢላታትን ቍጠባ</u> ኣኻኺሞም ድማ: ነቲ ገንዘብ ብኸመይ መልክዕ ኣዋፊሮም ዕጽፊ ርእሰማል ከምዘኻዕብቱ ፕሮጀክት ኣውጺኦም። ንሱ ድማ ብሓጺሩ ነቲ ገንዘብ ሸጥካ: ዝተዓጻጸፈ መኽሰብ ብረቒቕ ሜላ ምግሓጥ ዝብል ራእዩ እዩ ነይሩ። ብኻልእ ኣዘራርባ እቲ ሽዑ ዝበጽሑዎ መፍትሒ (*The Solution  was to "recycle"the Petro-dollars as loans to the developing world  (The so called 3d World Bank  (As Old as Empire p.18)* ❺ ራኤ። ብስም ዓለም-ለኸ ባንክ ኣምሲሎም: ነቲ ብብልዮናት ዝቍጸር ፐትሮ-ዶላር በየናይ ረቂቕ ሜላ ገርካ ኣሓዲሽስካ እንደገና ተስርሖ (ሪሳይክል) ዝብል ሜላ: ማለት ነቲ ሚልዮናት ገንዘብ ብሓረጣ መልክዕ: ንሳልሳይ ዓለም ኣዋፊርካ: ዝተዓጻጸፈ ገንዘብ ከተኻዕብት ምኽኣል።

ካብኡ ቀጺሎም "ገንዘብ ብምሻጥ ንብባህርያዊ ጸጋ ሃብታማት ሃገራት ጽግዕተኛታት ከምዝኾና ገርካ ሓዲሽ መኽሰብ ምፍጣር" "*Selling Money-and Dependency*": ብዝብል ጕርሒ: ንሳልሳይ ዓለም ሃገራት ንመማዕበሊ ኢሎም: ዘይተኣደነ ዕዳ ከሸክሙወን ጀሚሮም። ንኣብነት ንብራዚል ንትሕተ-ቅርጻ ሃገር መማዕበሊ ኢሎም *$100.000.000*  ሓረጣ ጽዒኖማ። ብድሕሪ ብራዚል ድማ ብ*1982* ዓ.ም. ንመክሲኮ ኣብ ዘይተኣደን ዕዳ ኣእቲዮማ። ካብኡ ቀጺሎም ድማ ንኻልኦት "3ይ ዓለም ሃገራት": ብሕልፊ ንኣፍሪቃ ሃገራት: ብኣጽዋር ውግእ ገይሮም: ኣብ ዕዳን-ዒንዲዳን ኣጥሒሎመን። ብኸም'ዚ ሜላ'ዚ ድማ እቲ ሓዲሽ ዕዳ: "3ይ ዓለም ሃገራት": ኣብ*1973* ዓ.ም. *$130* ቢልዮን ክበጽሕ ከሎ: ኣብ*1982* ዓ.ም. ከኣ *$612* ቢልዮን ተወንጪፉ። ኣብ *2006* ዓ.ም. ድማ *$3.2* ትሪልዮን በጺሑ። (*As Old as Empire p.19;  The Mirage of Debt Relief,   by James S. Henry)* በዚ ሜላ'ዚ ከኣ ሃገራት "3ይ ዓለም ኣብ መጻወድያ ዕዳ ተሸኺለን: ጽግዕተኛታት ናይቶም ስዉራት ወነንቲ ባንክን ባጤራን ኮይነን ኣለዋ። ዕድኤን ክኸፍላ ዘይከኣ ሃገራት "3ይ ዓለም" ብሕልፊ ኣፍሪቃውያን ሃገራት ዳርጋ ምሉእ እትዋተን ንባንክታት: ኀሕጕሔን ዝህባ ብዙሓት'የን። ብሰንኪ'ዚ ረቂቕ ንዮ-ኮሎንያሊዝም'ዚ ወይ ኒዮ-ሊበራሊም ወይ ድማ ግሎባል ኢምፐሪያኢሊዝም: ህዝቢ ሃገራት "3ይ ዓለም": ብሕልፊ ህዝቢ ኣፍሪቃ ኣብ ድቕድቕ ዓዘኽቲ ተሸኺሉ ይርከብ ኣሎ።

እቲ ዝረቐቐ ዝገብርዎ ሜላ ድማ: እቲ ጭቁን ህዝቢ ንመሰሉን ነቲ ብተፈጥሮ ዝተዓደሎ ጸጋን: ንምክልኻል ኢሉ ተቓውሞ ከርኢ ምስዝጅምር: እቶም ስዉራት ወነንቲ ባንክን ምዕራባውያን መንግስታትን ንሕዛእቶም ንክካላኸሉ: በቶም ባዕሎም ዝዓሰብዎም ኣብ ክንዲ ብኣእምሮኦም ብኽብዶም ዝሓስቡ: ብብልሽውና ዝመሸመሹ ወይጦታት ኣፍሪቃውያን መራሕትን: ኩራኹሮምን ዓሲቦም ብምውፋር: ተቓዳዲሞም ቅንጸላዊ ስጕምቲ ይወስዱ'ሞ: ነቲ ቃልሲ የበርዕኑዎ። ሸቶኦም ኣጸቢቖም ንኽወቕዑ ድማ: ማለት ሓለውቲ ምንጪ ቍጠባኦም ኮይኖም ንኽገልግሉዎም: ሓደስቲ ድያብሎሳት ፋሺስታውያን መራሕቲ ኣፍሪቃ መልሚሎም: ገታር ምርጫ ብምክያድ: ኣብ ስልጣን ኵድጭ የብሉዎም። ማለት ብሜላ ንስሙ "ፓርላሜንታዊ-ምርጫ" ብምክያድ: ብተዘዋዋሪ ንህዝቢ ከየቕሰኑ ፈላልዮም እንዳገዝኡ: ዓይኖም ጸቒጦም ይርእዩዎም። ብሓገዝን ብረዲኤትን ኣንዳ ተኻናኽንዎም ድማ: ምእዙዛቶም ኮይኖም ኣብ ስልጣን ኣሳፈሖም ይጸንሑ።

ካብቶም ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ቶኽሊ: ገለ-ገለ ውሑዳት ንምጥቃስ: ንኣብነት ሙሓማድ ሑሳኒ ሙባራክ መራሒ ግብጺ: መራሕቲ ኬንያ ከም ብዓል ቀዳማይ ሚንስተር ከንያ ሙዋይ ኪባኪን: "መለስ" ዜናዊ መራሒ ኢትዮጵያ: ወዘተ..... እዮም። ከምኡ'ውን ዝኸፍኤ ፋሺስታዊ መግዛእቲ እንዳ ኣካየዱን: መዋእሎም ኣብ ብልሽውና እንዳተቛማጥዑን: ወይ ከኣ ህዝቢ እንዳጽነቱን ባርባራዊ መግዛእቲ ስራሕና ኢሎም ክፍጽሙ እንዳተዓዘቡዎም: ነቲ ንመጻኢ ክኸውን ዝደልዩዎ መንገዲ የጽርዩሎም ስለዘለው: ብብልሽውና እንዳተቛማጥዑን: ንብረት ህዝቢ እንዳመጸዩን: ካብ'ቲ ካብ ሓፋሽ ዝመዝመዝዎ ገንዘብ ንህይወቶም ዋሕስነት: ዝኸውን ኣብ ወጻኢ ባንክታት እንዳኣግዓዙ ዝነብሩ ይመስሎም። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ረቂቕ ሜላ ግን: እዞም መሳርሒ ባዕዳውያን ዝኾኑ ደቂ ሃገር: ህይወቶም ንኸይትንከፍ ብረቂቕ ስለላዊ ስልቲ ዋርድያታት ኮይኖም ይሕሉዎም። እቲ ገንዘቦም ብስዉር ኣብ ወጻኢ ባንክታት ይቕመጠልኩም ኣሎ እንዳተባህሉ: እቲ ሓቂ ግን እቶም ወነንቲ ባንክታትን ባጤራን: ንረሓኦም (Investment) የዋፍሩዎ። ንሶም ግን ሓቂ መሲሉዎም ንህዝቦም ብቐጻሊ እንዳሳቐዩ ዝነብሩ ይመስሎም። ሓዲሽ ኮይኑ ዝነብር ስለዘየል ከኣ: ኣብታ ኣፈርኩቦኦም ስዓት: ኣብቲ ሃገር ገለ ለውጢ ኣንተድኣ ተፈጢሩ: እቲ "ተቐሚጡልኩም ኣሎ" ዝተባህሉዎ ገንዘብ ከይበልዑዎ: በቶም ወነንቲ ባንክ ብዘይ ንሕስያ ይግበት። ሽዑ ድማ እቶም ዓሰብቶም ብገንዘቦም ዓሲቦሞም ከብቅዑ: ብውዲት ከምዘሽክዕዎም ክስቈሮም ይጅምር። ብኽም'ዚ ከኣ ምዓስ ከም'ዚ መሲሉኒ! ዋይ ኣነ ሼ! እናበሉ: ብኹሉ ከይቀሰኑ ዘሕፍር ታሪኽ ገዲፎም ሞት ይቕድሞም። ካብዚ ዝኸፍእ ሃየንታ ከኣ የልቦን።

ንመረዳእታ ከም ብዓል ፈርዲናንድ ማሪቔስ መራሒ ፍሊፒን: ሞቡቱ ሰሴ ሰኮ መራሒ ኮንጎ: ንጉስ ኢራን: መሓመድ ራዛ ሻህ ፓላቪ: መራሒ ኢትዮጵያ ንጉስ ሃይለስላሴ ወዘተ...ካብ ህዝቢ ገፋፊጦም ዝኣከቡዎ ማኣለያ ዘይብሉ ገንዘብ: ኣብ ክዱን ኣብ ዓበይቲ ዋሕስነት ዘለወን ባንክታት (ኦፍሾር ብንክታት) ተዓቍሩልኩም ኣሎ ኣንዳተባህሉ ድሕሪ ምጽናሕ: ካብ ስልጣኖም ክወርዱ ከለው ድማ: እቲ ዝኾመሩዎ ሚልዮናት ገንዘብ ከይተጠቕምሉ ሓሪሩ ተሪፉ'ዩ። ንኣብነት ካብቶም ብዙሓት ገዳይምን ሓደስቲ ክታብን ገዛእቲ ኣፍሪቃ ሃገራት: ከም ብዓል ፓውል ካጋመ ገዛኢ ሩዋንዳ: ዮወሪ ካጉታ ሙዘቪኒ: ገዛኢ ኡጋንዳ: ሙዓማር ኣል-ጋዳፊ ገዛኢ ሊብያ: ሮበርት ሞጋበ ገዛኢ ዚንባበን: ኢሰያስ ኣፈወርቂ ገዛኢ ኤርትራ ወዘተ.... እዮም። እዞም ብባርባራዊ ስራሓት ዝላደዩን ብደም ሰብ ዝሰኸሩን ዕስባት ባዕዳውያን ኣፍሪቃውያን ገዛእቲ እዚኦም: ብተዘዋዋሪ ቀንዲ ኣገልገልቲ ስውራት ሓይልታት: ወይ ወነንቲ ባንክን ባጤራን እዮም።

መሰረታዊ ለውጢ ንኸምጽኡ ንዝቃለሱ ሓርበኛታት ደቂ ሃገር ድማ በዞም ዋርድያታት እዚኣቶም ኣንዳተሃድኑ: እታ ሃገር ምሁራታ ኣንዳተሰዱ መንእሰያታ ኣብ ወተሃደራዊ ስራሕ እንዳማህመኑ: ምዕባሌስ ይትረፍ እቲ ህዝቢ ካብ ዘለው ንታሕቲ ካብ ዝመቱ ድማ ንላዕሊ ኮይኑ ሕሱም ናብራ የሕልፍ። ጕርሕን ሽርሕን ወነንቲ ባንክን ርእሰማላውያን እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ብሕልፊ ኣብዚ በጺሕናዮ ዘሎና መዋእል ዝጥቀሙዎ ዘለው ዝኸፍኤን ዝተራቐቐን ሜላ: ነቲ ህዝቢ ኣብ ነንሓድሕዱ ብዓሌትን ብሃይማኖትን ክምዝናቼት ይገብሩዎ። ብተወሳኺ ድማ ምቍጽጻር ብዝሒ ህዝቢ ዓለም (Poplation control) ብዝብል እከይ ሜላ: ብስም ሰብኣዊ-ረዲኤት እንዳሸቀጡ: በብዓይነቶም ዓይነት ሕማማት ከስዕቡ ዝኽእሉ ዓይነት ስምታት: እንዳነዝሑን: ነቲ ፍርያም መሬት ከምዝመክን ኣንዳገበሩን: ንምሉእ ህዝቢ ኣፍሪቃ ከምዝጸንትን እቲ ተረፍ-መረፍ ህዝቢ ድማ ተጸባያይን ጽግዕተኛን ኮይኑ: ኣብ ገዛእ መሬቱ ባርነታው-ሓለት ይሕልፍ።
እቶም ፋሺስታውያን መራሕቲ ድማ ከይቀሰኑ ብኽብዶም ጥራይ እንዳሓሰቡ ይሞቱ። ስለዚ ሸቀልትን ኣገልገልትን ናይቶም ስውራት ወነንቲ ባንክን ባጤራን ጥራይ እዮም።

ምዕራባውያን ርእሰማላውያን መንግስታት: እቲ ብሰንኮም ዝተእልመ ጠንቂ: ኣብ ዝልዓለ ጥርዙ ምስ በጽሔን: ሓፍእስ ክግጥሞ ምስዝጅምር: ሓዲሽን ኣዝዩ ዝረቐቐን ሸጣራ ይምህዙ። ንሱ ድማ: "መራሕቲ ኣፍሪቃ ዲሞክራሲ ኣይፈልጡን'ዮም: ህዝቦም ብሰንኮም ጠምዩን ዓሪቑን ደንቍሩን: ስለ'ዚ እቲ ህዝቢ ብዘይካና መድሕን ረዳእን ስለዘይብሉ: ዓቀብቲ-ሰላም ወተሃደራት ሒዝና: ኣብ ውሽጢ ሃገር ግብረ-ሰናያዊ ሓገዝ ክንገብረሉን: ራህዋን ሰላምን ጸጋን ምዕባሌን ከነምጽኣሉ ኢና": ኢሎም ብወግዒ ይኣትዉ። ምስ ኣተው ግን ልሒጎም ይተርፉ። ኣብ መወዳእታ ድማ እታ ሃገር መራሕታ ዕዳ ምኽፋል ምስ ሰኣኑ: ብቐንዳ ንሓላሎም ክህግሩዋ ይጅምሩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ድማ ኣብዚ እዋንዚ ድሮ ብዓይንና ኣብ ሶማልን ኣብ ኮንጎን ኣብ ሱዳንን ንርእዮ ኣሎና።

እቲ ኩሉ ጠንቅን ብልሓትን'ምብኣር: ወነንቲ ባንክን ካልኦት ርእሰማላውያንን ዝፍጽሙዎ ረቂቕ ኮሎንያላዊ ሜላ'ዩ። ከማኡ'ውን ዓለም-ለኸ ባንክ (The World Bank) ብረቂቕ ጕኒ ንጕኒ'ያ ዕማማ ተካይድ። ሓደ ሰራሕተኛ

ዓለም-ለኸ ባንክ ነበር ስተቨ በርክማን (*Steve Beckmann )* ዝተባህለ: ኣብቲ *The World Bank and the $100 Billion Question* ብዛዕባ ሽጣራ ዓለም-ለኸ ባንክ ዝሃቦ መግለጺ:- ከምዚ ይብል:- *The World Bank has pushed debit-led economic development. And hundreds of billions of dollars in Bank loans were supposed to bring progress to the development World. Where did the money go?*2 ንዕድኤን ክሽፍላ ዘይክእላ ሃገራት 3ይ ዓለም: ብሕልፊ ኣፍሪቃውያን ሃገራት: ብካብ እንስሳ ዘይሕሹ መራሕተን እንዳተገዝኣ: "ንምዕባሌ ሃገርን ህዝብን ዝኸውን ረድኤት" ብዝብል ጕልባብ: ብሚልዮናት ዶላራት ዝቖጸር ለቓሕ: ብዋሕስነት ናይ'ቶም ድክታቶራት ተኣማሚና ትህቦም ኣሞ: እቲ ገንዘብ ከኣ ከይጸንሔን: ኣብ መዓላ ከይውዓለን: ብምጽላቖ-ርእሰማል (*Flight Capital*) ወይ ድማ ሕሳብ ባንኪ ኣብ ወጻኢ ብምኽፋት*(Kickbacks deposited in offshore accounts)* ኑቲ ብዓለም-ለኸ ባንክ ተዋሂቡ ዝብሃል "ንምዕባሌ" ዝተባህለ ለቓሕ: ካብታ ተዓዳይት ሃገር የግዕዙዎ። እታ ሃገር ግን እቲ ዝተዓድየቶ ዕዳ ከም ህሉው ዕዳ ኮይኑ: ሓረጣ ኣንዳተወሰኾ ይኹመር። ሽዑ እታ ሃገር ምኽፋል ዕዳ ኣብዘይትኽእለሉ ደረጃ ትወድቖሞ: ህዝባ ጸሙ ኣንዳሓደረ: እቲ እትዋታ ከም ቡን ካካኦን ካልኦት ክቡራት ማዕድናትን: መኽፈል ዕዳ ተባሂሎም: ተጋሒጦም ኣብ ካሳ ስውራት ርእሰማላውያን ይኣትው። ናይ'ዚ ጠንቂ'ምብኣር ዓለም-ለኸ ባንክ *(The World Bank)* እያ። ንሓንቲ ቅንጣብ ዲሞክራስያ ዘይብላ ሃገር: ኣብ ክንዲ ህዝባ ወግዓዊ ምርጫ ገይሩ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ንኽሃንጽን: ኣሙናት መራሕቲ ከጥርን ምሕጋዝ: ብኣንጻሩ ዘይተኣደነ ዕዳ ነቶም ፋሺስታውያን መራሕቲ እንዳዓደለት: ንህዝቢ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ጥሙይ ከብዱን: ምስ ዕሩቕ ዝባኑን: ምስ ባዶ ሓንጎሉን: ኣብ ክንዲ ብትራክቶር ሓሪሱ ዝዕንገል። ብኣንጻሩ ጥዑያት መራሕቲ ኣጥርዩ ወናኒ ባህርያዊ ጸጋኡ ንኸኸውን ኢሉ መታን ከይቃለስ: በቶም ኣዛብእ መራሕቱ: ብጥሜትን ብዕርቕቃንን እንዳተሳቐየ: ኣብ ክንዲ ታንክን ጠመንጃን ተሸሚቱሉ: ኣብ ነንሓድሕዱን ኣንጻር ረብሓኡን ከምዝማናቼስ ኮይኑ'ሎ። ኣብ'ዚ'ምብኣር ዓለምለኸ ባንክ ዓቢ ተዋስኦ ትፍጽም ኣላ።

እቲ ቀንዲ ዓላማ ዓለም-ለኸ ባንክ ከኣ: እቲ ንምዓሌ ተባሂሉ ዝተዋህበ ገንዘብ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ካሳ ዓለም-ለኸ ባንክ *(The World Bank)* ተመሊሱ ክኣቱ: እቲ ህዝቢ ከኣ እቲ ዕዳ ብተዘዋዋሪ ኣብ ዋናታቱ ተመሊሱ ክነሱ: ኣብ ባዶ ዕዳ ሓረጣ ክኽፍል ንምግባር'ዩ። ዳቪድ ኣይክ ኣብቲ ግሎባል ኮንስፒራሲ ዝብል መጽሓፉ ክትንትኖ ከሎ ከምዚ ይብል:- *The role of the World Bank is to make loans to Governments for large capital projects. This has been used to finance infrastructure in poor countries designed to meet the needs of the multinationals. Theses include policies forcing people from the land, destroying self-sufficient lifestyles and creating dependency on the Global economy. Much of the destruction of the rainforests has been done with loans from World Bank….."* ዓለም-ለኸ ባንክ (*World Bank)* ንመንግስታት ንዓበይቲ ፕሮጀክታት ለቓሕ ምሃብ ኮይኑ: ንትሕተ-ቅርጻ ድኻታት ሃገራት ተባሂሉ: ንብዙሓት ዓበይቲ ሃገራት ንምግልጋል'ዩ። እዚ ድማ ንተቐማጦ ሓደ ዓዲ ህዝብታት: ብግዲ ኣግዒዝካ መሬቶም ኣዕኒኻ ካብ መሰረታዊ ናብራኦም ኣዘናቢልካ ተጸበይቲ ንኽኾኑ ምግዳድ'ዩ።

እዚ ኩሉ ንዕንወት ተፎጥራዊ ዱር ዝወጽእ ገንዘብ ድማ ብዓለምለኸ ባንክ (*World Bank)* እዩ"። ቀጺሉ ዳቪድ ኣይክ ኣብ'ቲ ግሎባል ኮንስፒራሲ ዝብል መጽሓፉ ክገልጽ ከሎ:- ዓመት ዓመት ማኣለያ ዘይብሉ ሃብቲ ካብ "ድኻታት ሃገራት ኣፍሪቃ" ነተን "ሃብታማት" ተባሂለን ዝጽውዓ ሃገራት ይውሕዝ። እቲ ዓላማ ምስ ዝያዳ መኽሰቡ ነተን "መጽዊትና" ዝብላ ሃገራት ንኽውዕል'ምበር ድኻታት ንምርዳእ ኢልካ ዝግበር ከቶ ኣይኮነን"። *Every year, massively more wealth is transferred from poor countries to rich than goes the other way, and "overseas aid" is not primarily aimed at helping developing countries".* ዳቪድ ኣይክ ኣብቲ ግሎባል ኮንስፒራሲ ዝብል መጽሓፉ ደጊሙ ክትንትኖ ከሎ ከም'ዚ ይብል:-"እቲ ንድኻታት ሃገራት ተባሂሉ ዝውጽእ "ገንዘባዊ-ሓገዝ" ምስ ፕሮጀክትታት "ውሃብቲ ሓገዝ" ዝተተሓሓዘ'ዩ። እቲ ንኣብነት ካብ ሕቡራት ኣሜሪካ ንሓገዝ ኣፍሪቃ ተባሂሉ ዝወጽእ ገንዘብ: ተመሊሱ ነተን ኣመሪካውያን ካምፓኒታት ከምዝውሃብ ይግበር።

እቲ ብኣፍ "ሓገዝ ኑቲ ዘስካሕክሕ ሕሰም ህዝቢ ኣፍሪቃ ንምቕንጣት" ተባሂሉ ዝወጽእ ሓቂ ዘይኮነስ: ኮነ ኢልካ ዝፍጸም መኽሰባዊ ስራሕ ጥራይ እዩ። "*The Money "given" by the Donor nation is often tied to projects that use the corporations in the donor country. The Money goes out from say the United States to an African Country in "aid" and then most of it is paid back to United States corporations. There is no need for Starvation and horrific suffering in Africa Asia and Latin America. It is not the result of "natural disasters", but calculated design).* እቲ ሓቂ ከም'ዚ ክነሱ እዩ'ምብኣር: ብሕልፊ ኣብ'ዚ በጺሕናዮ ዘሎና እዋን: እተን ኣብ ትሕቲ ወነንቲ ባጤራን ባንክታትን ዝነብራ ምዕራባውያን ርእሰማላውያን ሃገራት: ነቶም ኣዛብእን ደናቕርን መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሮም ስለዘእተውዎም: "ህዝቢ ኣፍሪቃ ሰብኣዊ ሓገዝ (*humanitarianism Aid*)" ክግበረሉ ኣሎዎ እንዳበላ: ወግሔ ጸብሔ ስነ-ኣእምራዊ ፕሮፓጋንዳ: ብራድዮን ብቲቪን ንዓለም ዝዝርግሑ ዘለው። ከምኡ'ውን ብስም ሰብኣዊ ሓገዝ ወተሃደራዊ ምትእትታዋት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣብ ኮንጎን ኣብ ሶማልን: ኣብ ሱዳንን ክገብራ ዝርኣያ ዘለዋ። እቲ ሓቂ ግን: እቶም ቀንዲ ተሓተቲ: ድኽነትን መከራን ሃገራት ኣፍሪቃ'ኳ: እቶም ፋሺስታውያን መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣንተኾኑ: ብፍላይ ግን እዞም ሓለይትን ተመጻደቕትን ተመሲሎም ዝርኣዩ ዘለው ዋናታት ገንዘብን ባንክን ምዕራባውያን ሃገራ'ዮም። ከም'ዚ ብሕልፊ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ተገደስትን ሓለይትን ህዝቢ ኣፍርቃ ተመሲሎም ዝዋናጨፍዎ ዘለው እንተድኣ ቀጺሎም እሞኸኣ: ይንዋሕ ይሕጸር ሓደ ምዓልቲ ብሓይሎምን ብዘመናዊ ኣጽዋሮም ተኣማሚኖም: "ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተዋህበክን ዕዳ ክትከፍላ ስለዘይከኣልክን ባዕልና ከነመሓድረክን ኣሎና": ኢሎም ታሪኽ ኣባሓጐታቶም ክደግሙ ክፍትኑ'ዮም።

ኣዚ ህዝቢ ኤርትራ ዝረኸቦ ዘሎ ሓለት'ውን: ብሰንኪ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ወነንቲ ገንዘብን ምንጪ ቍጠባን ጆግራፊካዊ ስትራተጂን ዝኾኑ ርእሰማላውያን ሓይልታትን ብሕመቕናን'ዩ። ይኹን'ምበር እቲ ብኤርትራ ዝግደስ ምሁርን ሓርበኛን ኤርትራዊ: ብዛዕባ ኢሰያስን ዛዕባ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጕይቶቱ ሓይልታትን ምስምስን መረረን ገዲፉ: ንህላዌ መንነቱን ኵርዓቱን ድሕነት ህዝቡን ሃገሩን ክብል: ባህርያዊ ሞት ከየርከቦ ከሎ: ነብሱ ፈቲሹን ብነብሱ ተኣማሚኑን: ንዝሓለፈ ተመክሮኡ ገምጊሙን: ብፍልጠትን ብውህደትን ሓደ ኣካል ኮይኑ ተቓውሞኡ ምስ ዘስምዕ: ዓወቱ ግድነት ከምዝኾነ ዝተረጋገጸ'ዩ።

ኣሕዋት ምስ ዝሰምሩ ጸላእቲ የባርሩ።
ዓወት ንህዝቢ ኤርትራን ጭቍን ህዝቢ ኣፍሪቃን ዓለምን